# “ብዶክቶር ጀላኒ ኣማኻኒኻስ ንጀበርቲ”

ብኣወልኼር ዓብዱልሓፊዝ

## ቀዳማይ ክፋል

ኣብ ሓደ ዓቢ ገዛ ገበን ክፍጽም ዝደለየ ዓማጺ ኣቐዲሙ ነቲ ኣብ ሓለዋ ዘሎ ብርቱዕ ከልቢ ቀቲሉ ክሓልፎ ስለ ዘለዎ እቲ ዝመርጾ ስልቲ ስሚ ዝተወተፎ ስጋ (ጮማ) ብምቕራብ ኢዩ።

የቐንየልና መርበብ ሓበሬታ “ደቀባት”፡

እቲ ጮማ እቲ ካብ 1ይ ክሳ 9ይ (መሰረት ሃገር ዓዲ...) ብ2006 ክጽሓፍ ዝጸንሐ ንህግደፍ ዝገርፍ ንተቓወምቲ ውድባት ዝነቅፍን ከምዘየለዉ ዝቆጽርን ህዝበይ ተበራበር ዝብል ነቲ ክሳብ ሕጂ ኣሰሩ ዘይተራእየ ዝጸዋዕኩሞ “ዓዲ” ዝመሰረቱ መተካእታ ቃልሲ ዝተሕዝትኡ ኮይኑ እቲ ስሚ ኻኣ እቲ ዕለት ይኹን ዓ.ም. ዘይተገብሮ ብጽርየት ኣጸሓሕፍኡ ይኹን ኣሰኻኹዓ ቃላቱ ከምተን ዝቐደማ ክፋላት ዘይኮነ ብሃታ-ሃታ ዝተጻሕፈ ዝመስል 10ይ ክፋል ጽሑፍኩም እዩ።

ኩቡር ኣንባቢ ምግናን ኢዩ ዝብል ሚዛን ኣርሒቕካ ነቲ ዝጽሕፎ ክትከታተል ምእንቲ ፍቓድካ እንተኾይኑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደቀ-ባት ኣቲኻ ን10ይ ክፋል ከተንብብ እንተኺኢልካ ካብ ምክትታል ነቲ ጽሑፋት ንላዕሊ ነቲ ስሚ ኣብ ከርሲ ሓድነት ህዝብና ከይበጽሕ ኣብ ምግባር ታሪኻዊ እጃምካ ንምብርካት ከብቅዓካ ኢዩ።

(ብዶክቶር ጀላኒ ኣማኻኒኻስ ንጀበርቲ) ዝብል ከምናይ መጀመርታ ክፋል ኮይኑ ንምክትታሉ ክጥዕም ካኣ ነቲ ኣርእስትና ዝምልከት ጽሑፋት “ደቀባት” ከምዘለዎ ብምቕራብ ክጅምር ኢየ። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ክሳብ ዘለና እቲ መብዛሕትኡ ብዛዕባ ጀበርቲ ተባሂሉ ዘሎ ብዙሓት ዝደጋገምዎን ዝተለምደን ኮይኑ ዘይቀትል ስሚ ምኻኑ ስለ ዝተመስከረሉ ኣይትሻቐሉ። እቲ ዘስግእ ስሚ እቲ ንመጀመርታ ግዜ ብዘይ ገለ ሓያ ብዓይኒ ኣንቁር መንገዲ ዝቐረበ ኣብ “ብዶክቶር ጀላኒ ኣማኻኒኻስ ሃይማኖታዊ ጎንጺ ምጽሕታር” ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ከምኡ'ውን “ብዶክቶር ጀላኒ ኣማኻኒኻስ ISLAM PHOBIA (ንምስልምና ምፍራህን ምጽላእን) ኣብ ኤርትራ ምትእትታው” ብዝብል ኣርእስቲ ብሓባር ወይ ብንጽል እነቕርቦ ጽሑፋት “ደቀባት” ኢዩ። ክሳብ ሽዑ ደምበ ነጻነት እቲ ሉሙድ ንናይ ሕድ ሕድ ጎንጺ ስሚ ዝዝርዝር (ዘድክም) ኣብ 1949 ዘርኣኹሞ ፍቱን መሳሪሒኹም ሒዝኩም ክትጸንሑ ተስፋ ኣሎኒ።

ኣብ ኣርእስትና ክንምለስ፡

ኩቡር ኣንባቢ፡ እዚ ስዒቡ ዝቐርብ ጽሑፍ ካብ “መሰረት ሃገር ዓዲ” ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት መበል 10ይ ክፋል 3ይ ገጽ 3ይ ምዕራፍ ከም ዘለዎ ቃል ብቃሉ ኢዩ፡

“ከም ኣብነት ዝኾነናውን ንኣመንቲ ምስልምና ተዛረብቲ ትግሪኛ ኣብ ኤርትራ ነበርቲ ድኣዮም ዝተባህሉ እንበር “ጀበርቲ“ ኣይተባህሉን። ሕጂውን ኣይንብሎምን ኢና። እቲ “ጀበርቲ“ ዝብሃል መጸዊዒኦም ኣብ ትግራይ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። መብዛሕትኦም ድማ ኣዴታቶም ክርስትያን ኢየን ነይረን። ስለዚ ኤርትራ ብማህጸን ደቃ ድያ ክትምስልም? ንብሔርነት ንዝምልከት እንተኾይኑውን እቶም ተዛረብቲ ትግሪኛ ነበርቲ ኣብ ኤርትራ ዝኾኑ ኣስላም ካብ ምስልምና መታሕት ስለዘይፍለዩ ፍሉይ ብሔርነት ንተዛረብቲ ትግሪኛ ኣስላም ኣብ ከበሳ ካብ ጥንቲ ከቶ ጠሊቦም ኣይፈልጡን። እንተድኣ ተዛረብቲ ትግሪኛ ጀበርቲ



Create PDF files without this message by purchasing novaPDF printer (http://www.novapdf.com)

“ንብሔር ትግሪኛ ኣይንቅበሎን ኢና ንሕናስ ፍሉያት ብሔር ኢና“ ዝብሉ ኮይኖም ግን፣ ብሔራዊ መሰሎም ኣብ ትግራይ ከይዶም ይሕተቱ።” ወዳጆ!

ኩቡር ኣንባቢ፡ እዚ'ዩ ጽሑፍ ደቀባት፡-

“ደቀባት” ቅድሚ'ቲ ዝግባኣኩም መልሲ ጆባእ ምባል፡ ኣብቲ ዶክቶር ጆላኒ ኢልዎ እትብልዎ ጉዳያት ኣትየ ርእይቶይ ክገልጽ ደልየ ነይረ። ኮይኑ ግን ካብ 1ይ ክሳብ 10ይ ጽሑፋትትኩም ደጋጊመ ምስ ኣንበብኩዎ ዋላ ኣብቲ ጥንቅቕ ኢልኩም ዝጸሓፍኩሞ ካብ 1-9 ክፋላት ብዙሕ ናይ ታሪኽ ምጥምዛዝን ሓሶትን ምትላልን ከምዘለዎ ምስ ተዓዘብኩ ክሳብ ናይ ዶክቶር ጆላኒ መደረ ብቐንዱ ረኺበ ዝርእዮ ኣወጊነዮ ኣለኹ። እቲ ዘይውግን ግን እቲ ሕጇ ሓደ ክልተ እናበልኩ ክምልሰልኩም ተዳልየ ዘለኹ ብዛዕባ ጀበርቲ ዝተጋገኹሞ ማሕበራውን ፖሎቲካውን ታሪኻውን ጠቀስ ጉዳያት ኢዩ። ንደቂ ጀበርቲ ብትብዓት ይቕሬታ ክሳብ ዘይሓተትኩም ካኣ ነዚ ብዓይኒ ስልጣኔ ድሑር ብዓይኒ ፖሎቲካ ረሳሕ ብዓይኒ ታሪኽ ቅጥፈት ዝሓቆፈ ጽሑፍኩም ብጭብጥታት ምቕልዑ ብዘይ ደው ክኸጽል'ዩ።

ከይገለጽኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ኩሎም ኣንጻር ጀበርቲ ዝጽሕፉ ጸማም ሓደ ደርፉ ከምዝባሃል ብጀካ ብመበቆል ጀበርቲ ንጀበርቲ ብሃገራዊ ገበን ዝኸሰሶም ዋላ ሓደ የለን። እዚ ከኣ ዘሒብን እምበር ዘሕፍር ኣይኮነን። ብዓለምለኸ ደረጃ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ብዝፈጸምዎ ጥልመት ሞት ዝፍረዱን ዜግነቶም ዝሕደጉን ግለ ሰባት እምበር ብሰንኪ መበቆሎም ዝተቀጽዑ የለውን። (ኣብ ጥዕና ዘሎዎ ሃገር)።

ብዛዕባ መቦቆል ህዝቢ ኤርትራ ዘገድሰኩም እንተኾይኑ ብፍላይ ንዓና (ጀበርቲ) ብዝምልከት ድሮ ወዲእኩሞ ስለዝኾንኩም ብዝቀልጠፈ ግዜ በየናይ ዓ.ም. ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝበለ ኩነታት ተሰዲድና ከምዝመጻእና ንነብረለን ዝነበርና ዓድታት መን መን ከምዝባሃላ እንተገሊጽኩምልና ንነብስና ኣስልና ተጋሩ ዝኾና ኤርትራውያን ኢልና ከነፍልጣ ኢና ጥራይ ዘይኮነስ ከምቲ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ንኣለክስ ሂል ንዓሰርተ ክልተ ዓመት ዝኣክል መበቆሎም ንሽጻሪ ገንዘቡን ጉልበቱን ኣወፍዮ፡ መሰረት መበቆሎም ምስ ኣፍለጦም ዘመስገንዎ ንላዕሊ ከነመስግነኩም ኢና። ሃየ በሉ ኣይትዶንጉዩና።

ብግምተይ ጸሓፍቲ ናይዚ ጉዳይ “ደቀባት” ኣብተን ዝሰልጠና ሃገራት ትነብሩ ዘለኹም ሰባት ኢኹም ዝብል ግምት ኣለኒ። ናይ ሽወደን ኖርወይ ሑሉፍ ታሪኽ ጌርኩም ክትምህሩና ምፍታንኩም'ውን እተንብቡን ዝተማሃርኩምን ኢኹም ዝብል ካልኣይ ግምት ኣሎኒ። 21 ክፍለ ዘመን እናዘከርኩም ብዙሕ ጉዳያት ስለዝጠቐስኩም'ውን እትነብሩሉ ዘለኹም ዘመን ሕረ ሕራይ ጌርኩም ዝተረዳእኩም ክትኮኑ ሳልሳይ ግምት ኣሎኒ። ምስዚ ኩሉ ግምታተይ ግን “ብዓዳዊ” ስርርዕ ቃልሲ ከተካይዱ ምጽዋዕኩም እቲ 21 ክፍለ ዘመን ዳኣ ኣበይ ኣሎ ዘብል ኢዩ። (ዳርጋ ሓደ ሲሶ ህዝባ ኣብ ፍቐድኡ ፋሕ ኢሉ ኣብ ዘላ ሃገር) ንዝጸነሐ ናይ ጥንቲ ናይ ቀዳሞት ሕግን ኣማሓዳድራን ጸጽቡቑ ምዝካር ምስቲ ሓድሽ ዘመን ከምዝሳማማዕ ጌርካ ምምዕባሉ ናይ ደቂ ሰባት ናይ ታሪኽ ምዕባለ ስነ-ሞጎት ኢዩ። ብዝተረፈ ኣብ ነበረያ ነበረ ከተንብሩና ምጽዓርኩም በቲ ኻልእ ሸነኽ ካኣ ን21 ክፍለ ዘመን ብልክዑ ትነብረዋ ዘለኹም ፈላጣት ኮንኩም ኣላዩ ጊደ ክትጻወቱ ምድላይ ኣብ ሓደ ርእሲ ክልተ መልሓስ ጼርካ ከም ምንባር ኢዩ።

“ደቀባት” ካብ ንሃገርካ እተበርክቶ ቁምነገር ንላዕሊ መበቆልካ ኢዩ ዘገድስ ባሃልቲ እንተኾንኩም ኣብዚ'ውን ክትስዕሩ ዲኹም ክትሳዓሩ ን21 ክፍለ ዘመን ብገለ ኣቅጣጭኡ ክንርእዮ ንፈትን።

እታ ዝሓሰበት ሓሲባ ንነጻነትና ዝተጻረረት ዳሓር ካኣ ዝሓሰበት ሓሲባ ንነጻነትና ዝተማወተት ብዘለዋ ምጣኔ ሃብታውን ብረታውን ሓይሊ ንዓለም ንየማን በሉ ንጸጋም በሉ ትብል ዘላ ኣሜሪካ ዝመርሓ ዘሎ ገና ዓባዩ ኣብ ኬንያ ኣብ ዓዲ ኣቡኡ ኢየን ዝነብራ ዘለዋ። ኣርጀንቲና'ውን ኣብ ዝሓለፈ



Create PDF files without this message by purchasing novaPDF printer (http://www.novapdf.com)

ዓመታት ብሓደ ገና ስድራ-ቤቱ ሱርያዊ ዓረባዊ ልሳኖም ዘይተቐየረ ባእታ ተመሪሓ ኢያ። እዚ'ዩ 21 ክፍለ ዘመን ብሕጽር ዝበለ መንገዲ። ንሓበሬታ ዝኣክል፡ ኣብ ጉዳይና ክንምለስ፡

ኣብ ኤርትራ ስሞም "ነበርቲ"

ኣብ ትግራይ ስሞም "ጀበርቲ"

(ነበርቲ) (ጀበርቲ)፡ ንደርፊ ዝኸውን ግጥሚ ትምስርቱ ዘለኹም ኢኹም ትመስሉ'ሞ ከም ጓል ዝናር ሃራሚት መሰንቆ ኣንድነት ትመስል ደራፊት ቀርቡ። ጓል ዝናር መን'ያ ከይትብሉ፡ ንደርፋ ዘኪርኩም እንተፈለጥኩማ፡ ወይ ሓቲትኩም፡

ደጊያት ሓሰን ዕማመቱ ክሻ

ትመጸኣካ'ላ ባንዴራ ሓበሻ

ደጊያት ሓሰን ሽያጢ ሽጉርቲ

ቅበጻ ሎሚ ባንዴራ ጀበርቲ

ደጊያት ሓሰን ትግራዋይ ኢትዮጵያዊ እንተኾይኖም ብምምጻእ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጌርካ ንምንታይ ንምስንባዶም ተደልዩ? ንጓል ዝናር ኣይኮነን ንዓኹም "ደቀባት" ኢዩ እቲ ሕቶ። ኣንድነት ሑሉፍ ሓሊፍዎም ሰማያዊት ባንዴራና ናይ ጀበርቲ ባንዴራ ገይሮም ምግላጾም (ምድራፎም) እታ ሕጋዊት ሃገራዊት ባንዴራ ናይ ጀበርቲ ናይ በይኖም ባንዴራ ኮይና ዘይኮነስ ጀበርቲ ኣብ ምኽልኻል ልዑላውነት ኤርትራ መሪሕ ግደ ይጻወቱ ስለ ዝነበሩ ኢዩ።

እዞም ብጓል ዝናር (ማሕበር ኣንድነት) ዝተዘልፉ ዓቢ ኤርትራዊ ብ1883 ዓ.ም. ኣብ መራጉዝ (ዓዲ ሃንሱ) ሰራየ ኢዮም ተወሊዶም። ንኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ዝና ከተትርፍ ዝገበሩ ስልጣኔኦም ኤርትራውያን ሱልጡን ዝኾነ ኣመካኽታ መግዛእቲ ክህሉዎም ዝገበረ። ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ገለ ሃገራት ኣብ 30ታት ዝተፈጥረ ሃይማኖታዊ ጎንጺ ኣብ ምፍታሕ ከም ኣህጉራዊ ሉኡኽ ዓቢ ግደ ስለ ዝተጻወቱ እዚ ተሞክሮኦም'ዚ ነቲ ኮነ ኢሉ ብገዛእትን ማሕበር ኣንድነትን ዝተኣግደ ሃይማኖታዊ ጎንጺ (1949) ኣብ ኤርትራ ቀልጢፉ ዝቅህም ሓዊ ክኾውን ካብ ዝገበሩ ሮቛሒታት ሓደ ዓቢ ሮቛሒ ክኸውን ከምዝኽኣለ ሩዱእ ኢዩ።

ደጊያት ሓሰን ክሳብ ኣብ 1964 ዓ.ም. ካብዛ ዓለም ዝፍለዩ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዑቱብ ግደ ክጻወቱ ጸኒሖም ኢዮም።

ይቕጽል……

ብቐትሩ ዓይንኹም ኣዔሚትኩም

ኣብ ጸላም ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም

ጸሓይ የላን ኢልኩም ከተእሙኑና ግን ፍጹም ዘበት ኢዩ።

ኣወልኼር ዓብዱልሓፊዝ



Create PDF files without this message by purchasing novaPDF printer (http://www.novapdf.com)